ካልኣይ መቀጸልታ

# ኣለና፡ ሳላ ዝተጸመምና !

ኣማኑኤል በርሀ

“እንተ ካብ ሰብ እንተ ካብ ተፈጥሮ
ዝመጽአ ሽግር ገጢምና ክንስገሮ
. . .ብብቕዓት፡ ብመሰል፡
ብክእለት፡ ብሕጊ፡ ምስ ዝስራሕ
ብሜላ
ኮብኲብካ ብዓቕሊ ካብ
ዝናኸስ ንህቢ’ኳ ዝርከብ ወለላ”

(ኣብ.ኣፍ)

ብዓቕልን ምጽማምን ደኣ እንታይከ ዘይርከብ። ጉዕዞ ናጽነት፡ ጉዕዞ ምጽማም’ዩ። ዛንታ ናጽነት፡ ዛንታ ተጻዋርነት’ዩ። መንገዲ ናጽነት፡ መንገዲ ጽንዓት’ዩ። እንሆ ሎሚ ድማ፡ እቶም ድሕሪ ናጽነት ዘለዉ መወዳእታ ዘይብሎም ገድልታት’ውን፡ ብዘይ ጽንዓት ክዕወቱ ዝኽእሉ ኣይኮኑን። ገድሊ ንምውሓስ ልዑላውነት፡ ገድሊ ንምርግጋጽ ማሕበራዊ ፍትሒ፡ ገድሊ ንኩለንትናዊ ልምዓት ጽንዓት ይሓትት።

ናጽነት መጀመርታ ናይ ብዙሓት ገድልታት ደኣ’ምበር፡ መዛዘሚ ገድሊ ስለ ዘይኮነ፡ እቲ ኣብ ምምጻእ ናጽነት ዝተሓተተን ዝተንጸባረቐን ጽንዓትን ምጽማምን፡ ኣብ ዝስዕቡ ገድልታት ድማ ብዝተዓጻጸፈ ክንጸባረቕ የድሊ።ኣብ’ዚ ሎሚ ስነ ኣእምሮኣዊ ኲናት፡ ከም መሪሕ ኩሉ ዓይነት ኲናት ኮይኑ ብኹሉ ኩርንዓት ጫውጫውታታት ዝፍነወሉ ዘሎ ግዜ፡ መምስ ዝነፈሰ ንፋሳት ንኸይትውንጨፍ ምጽማም የድሊ።

ንእዝንኻ ዘስብሑ ወረታት፡ ካብ መስመርካ ኣውጺኦም ከም ገፈል ምስ ፍሽ ዘዝበለት ንፋስ ካብን ናብን ከከላብቱኻን መስመርካ ከስሕቱን ልዑል ሓይሊ’ለዎም። ግሩህ ወይ ዓቕሊ ዘጉደሎ እንተረኺቦም ድማ፡ ንዕኡ’ዮም ቀዳማይ ተሃዳናይ ዝገብርዎ። ነቲ ጽኑዕ ግን ዋላ’ውን ክንዲ ዝሓየሉ እንተሓየሉ፡ ካብ ሓዲዱ ምንቕ ከብልዎ ኣይክእሉን። እቲ ጽኑዕ ጥራይ ድማ’ዩ ናብ ዝተበገሰሉ ዕላማ ዝበጽሕ።

ነዛ ናይ ሓንቲ ስድራ እንዳ እንቁሮዖብ ዛንታ’ሞ ንርኣያ። እታ ስድራ፡ እቲ ዝነበረቶ ዒላ ማዩ ስለ ዝነጸፈ፡ ኣብ’ቲ ዓሚቕ ዒላ ኮይና ከተቕባሕብሕ ተገዲዳ። እንተኾነ ኣብኡ ተዓኒዳ ብህይወት ክትቅጽል ስለ ዘይትኽእል፡ ብዘለዋ ሓይሊ እናተንፈሓኾት ንላዕሊ ክትወጽእ ሒኹ ክትብል ጀመረት። ኣብ ላዕሊ ኮይኖም ዝርእይዋ ዝነበሩ እንስሳታት ግን ብዓይኒ ኣሽከዓላል ይስሕቅዋ ነበሩ። “ንብላሽ ኣይትድከሙ፣ ኣብ’ታ ዘለኹማ ኮንኩም ሞትኩም ተጸበዩ” እናበሉ ከኣ ክድህልዎም ጀመሩ።



ልምዓት ብጽንዓት !

ገለ ተደናገጽቲ ድማ፡ “እንታይ ከንቱ ስራሕ ኢኹም ተርእዩና ዘለኹም? መን ይፈልጥ ጽባሕ ማይ ይሃርም ይኸውን። ንብላሽ ባዕልኹም ካብ ትሞቱ፡ ጸሎትኩም እናገበርኩም ኣብ’ታ ዘለኹማ ተኾርሚኹም ዘይትጽበዩ” እናበሉ፡ ምኽሮም ቀጸሉ። እታ ኣብ መጀመርታ ብሓባር ጉዕዞ ዝፈለመት ስድራ ከኣ፡ በቲ ትሰምዖ ዝነበረት ተስፋ ዘቑርጽ ዘረባታት እናተዳኸመት፡ በብሓደ ናብ’ቲ ዝነበረቶ ክትምለስን ገለ ኣባላታ ድማ ብተስፋ ምቑራጽ ጥራይ ጥብ-ጥብ እናበሉ ናብ እግሪ’ቲ ጉድጓድ ክወድቁን ጀመሩ። እቲ ሕሳስ ልደ ስድራ ግን ብዘረባ’ቶም እንስሳታት ከይተዓናቐፈ፡ ኣስናኑ ነኺሱ እናተንፈሓኾ ጉዕዞኡ ቀጸለ። ዋላ ሓደ ግን ነቲ ጉዕዞ ክዛዝሞ’ዩ ኢሉ ብምእማን፡ “ኣጆኻ” ዝበሎ ኣይነበረን። ኣብ መወዳእታ ከኣ እቲ እንቁሮዖብ ብሰላም ካብ’ቲ ጉድጓድ ክወጽእ ከኣለ። ብድሕሪኡ እቶም እንስሳታት ኩሎም ከቢቦም ብኸመይ ክወጽእ ከምዝኸኣለ ክሓትዎ ከለዉ፡ መልሲ ከይሃበ ሽው’ውን ናብ’ቲ ዝሓሰቦ ክጓዓዝ ጀመረ። እቲ እንቁሮዖብ ግን ካብ ሓደ ዝሓልፍ ዝነበረ ራዛ ዝሰምዓ፡ “ኣጆኹም ኣጆና” ትብል መዝሙር ብውሽጡ እናዘመረ ይኸይድ ስለ ዝነበረ፡ ነቲ ዘረባታት ምንም የቃልበሉ ኣይነበረን። ነቲ ተስፋ ዘቑርጽ ዘረባታት ናይ’ቶም እንስሳታት ይሰምዖ ስለ ዘይነበረ’ዩ ከኣ ብሓቦ ቀጺሉ ክዕወት ክኢሉ። እቲ ጉዕዞ ግን ርሕቀቱን ትረቱን ንኹሎም ማዕረ’ዩ ዝነበረ። ብኣንጻሩ ግን፡ እቲ ዘይተሰናበደ ሕሳስ ልደ ጥራይ’ዩ ክሰግሮ ዝኸኣለ። ምጽማምን ካብ መስመርካ ከውጽኡኻ ብዝፍትኑ ዘረባታት ዘይምድሃልን እቲ ዝዓበየ ሓይሊ ጉዕዞ ምኧኑ፡ ነቶም ዝተረፉ ኣባላት ስድራኡ ስለ ዝመሃሮም ድማ፡ ንሳቶም’ውን በቲ ዝላኻዕ ዝነበረ ዘረባታት ከይተገደሱ፡ ብድሕሪኡ በብሓደ ክወጽኡ ከኣሉ።

ክትጽመም ከይትጽመም ግን፡ መጀመርታ ክትበጽሖ ዝደለኻ ንጹር ዕላማ ክህልወካ’ለዎ። “ጽባሕ ዝመጽእ፡ ግዜ ባዕሉ ሒዝለይ ኣሎ” ኢልካ ትጓዓዝ እንተኼንካ፡ ብዙሓት ዘራግያን’ዮም ንግዜ ተመሲሎም ዝመጽኡኻ። ሽዑ ኣንፈታን ሓይላን ከምዘጥፍኣት ጃልባ፡ ማዕበል ናብ ዝመርሓካ ክትንከላበት ትነብር። ዕላማኻ ኣነጺርካ ጉዕዞ ኣብ ትጅምረሉ ግን፡ ቀዳማይ ስንቅኻ ጽንዓት ክኸውን ይግባእ።

ብዘይ ጽንዓት ትመጽእ ናጽነትን ዝፍጠር ልምዓትን ከቶ ክህሉ ኣይክእልን። ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ታሪኽ ጽንዓት’ዩ። መሸንበባታትን ሃጽፍታትን ሓዊ እናሃረመካ፡ ክጽሒ ምኧኑ ብምእማን ጥራይ ብዘይ ጽላል ጸኒዕካ ትጽመሞ - ይጽሒ ድማ። ጉዕዞኻ ከኣ ትቕጽል። ጥምየትን ዕርቃንን እናተበራረዩልካ፡ ንጽባሕ ኣሚንካ ጸኒዕካ ትሓልፎ።

ንሓደ ድሁልን ንኻልእ ጽኑዕ መንፈስን፡ ሓደ ዓይነት ዕርቃንን ጽምእን ነንበይኑ ጽልዋ’ዩ ዝገብረሎም። እቲ ዝተዳህለ ክንዲ ርብዒ ናይ’ቲ ዝተጸመመ’ኳ ክጽመምን ማዕሪኡ ብህይወት ክቕጽልን ኣይክእልን።

ንሕና’ኳ ጸገም ንኽነጽሒ ኢልና ኣይኮንናን ንጸንዕ። ራህዋ ንኽነስፍን ኢና ንጸንዕ። መብረቕን ነጎዳን ምስ ወረደ ኣይኮንናን ንጸንዕ። ጻዕዳ ማይ ጀበብ እናበለ ክዘንበና’ሞ፡ መሬትና ጫኹርና ቀጠልያ ንኽንቅይሮ ኢና ንጸንዕ። ኣንበጣ ምስ መጽአ ኣይኮንናን ንጸንዕ፣ ኣብ ጻህያይን ዓጺድን ኢና ናብ ቆፎና ክሳብ ዝኣቱ ንጸንዕ። መሬት ምስ ባደመ፡ ህድሞ ምስ ነደደ፡ ምድሪ ምስ ኣንቀጥቀጠ ደኣ፡ “ኣበይከ ክንኣቱ” እናበሉ ዝጸንዑ ብዙሓት’ንድዮም። ጽንዓትና ግን መከራ ምስ መረረ ኣይኮነን ዝንጸባረቕ። ጠጥዕሙ እናሓሰብና፡ ናብ ልምዓት እናምራሕና ኢና እንጸንዕ። ጽንዓት፡ ኲሉ ግዜ ኣብ ውሽጥኻ ክትህሉ ዘለዋ ፈልሲ ደኣ’ምበር፡ ኣብ ግዜ ጸገም ጥራይ እተድሊ ጨና ኣይኮነትን።


